
# ሓበሬታ ብዛዕባ InfCareHIV – ደገፍ ውሳነን መዝገብ ጽፍፈትን

ኣብ InfCareHIV ልዕሊ 99% ናይቶም ኣብ ሽወደን ምስ ፍሉጥ ናይ ኤች ኣይ ቪ ነጸርታ ዝነብሩ ኵሎም ሰባት ሓበሬታ ኣሎ። እቶም ሓበሬታታት እብ እዋን ምዝገባን ኣብ እዋን ምብጻሕ ምክትታልን ኣብ ክሊኒክ ኤች ኣይ ቪ ይእከቡ። እቶም ዝተኣከቡ ሓበሬታታት ንዓኻን ንሓኪምካን ከም ደገፍ ውሳነ ኮይኖም፡ ከምኡ'ውን ከም መዝገብ ጽፍፈት ኮይኖም ኣብ ሽወደን ንዝወሃብ ክንክን ኤች ኣይ ቪ ንምምሕያሽ ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ሰነድ ብዛዕባ ኣብ InfCareHIV ዘሎ ደገፍ ውሳነን መዝገብ ጽፍፈት ብዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## ደገፍ ውሳነ ኣብ InfCareHIV

እቲ ደገፍ ውሳነ ንስኻን ሓኪምክና ወይ ነርስኻ ናብ ክሊኒካ ምብጻሕ ኣብ ትገብረሉ እዋን ውጽኢትካ ብቐሊል መንገዲ ክትርእዩን ብዛዕብኡ ክትዘረቡን ትጥቀምሉ። እዚ ሕክምናኻ ከመይ ይሰርሕ ከም ዘሎን ካብ ምትሕልላፍ ነጻ ምዃንካን (ክዕቀን ዘይከኣል ደረጃ ቫይረስ ኣብ ደም) ብንጹር የርኢ። ናይ ኤች ኣይ ቪ ክሊኒክ እንተ ቐይርካ፡ ንሶም ናይ ቅድሚ ሕጂ ሕክምናታትካን ክሳብ ክንደይ ጽቡቕ ይሰርሑ ከም ዝነበሩን ቀልጢፎም ጸብጻብ ክረኽቡ ይኽእሉ። **መሰላትካ፡-** እቲ ደገፍ ውሳነ ሕክምናዊ መሳርሒ ስለ ዝኾነ ከም ሓደ ክፋል ሕክምናዊ መዝገብ እዩ ዝቑጸር። እዚ ማለት፡ እቶም ንመዝገብ ሕክምና ዝምልከቱ ሕግታትን ስርዓታትን ንደገፍ ውሳነ እውን ይምልከቱ እዮም። ኣብ ናትካ ክሊንክ ኤች ኣይ ቪ ዝሰርሑ ፍቓድ ዘለዎም ሰርሕተኛታት ጥራይ እዮም ንዕኡ ክርእይዎ ዝኽእሉ።




## መዝገብ ጽፍፈት ኣብ InfCareHIV

ኣብዚ መዝገብ ምስታፍ ወለንታዊ ኾይኑ ነቲ ዝወሃበካ ክንክን ኣይጸልዎን እዩ። ክትሳተፍ ምስ እትመርጽ፡ ንብዙሓት ሰባት ኣብ ምምዕባል ዝሓሸ ክንክን ክረኽቡ ኣበርክቶ ትገብር ኣለኻ።

### እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ኢና ክንእክብ ንኽእል?

ኣብ መዝገብ ጽፍፈት InfCareHIV ምስ ክንክንን ሕክምና ረኽሲ ኤች ኣይ ቪኻን ዝተሓሳሰር ሓበሬታ ኣሎ። ገሊኦም ሓበሬታታት (ንኣብነት ጾታ ኣብ እዋን ልደት፡ ጾታዊ መንነት፡ ዝተወለድካሉ ሃገር፡ መተሓላለፊ ሕማም ክኸውን ዝኽእል መንገዲ ዝኣመሰሉ) ከም ተሓካሚ ምሳኻ ብምምኽካር ብዝርርብ ክእከቡ ከለዉ፡ ካልኦት ሓበሬታታት ድማ (ከም ውጽኢት መርመራ፡ ህሉውን ቅድሚ ሕጂ ዝተገብረን ሕክምና ኤች ኣይ ቪ፡ ምናልባት ካልኦት ዝተገብሩ ነጸርታታት ዝኣመሰሉ) ብመንገዲ ሕክምናዊ መዝገብ ይእከቡ። ውጽኢት ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ሆስፒታላትን ክሊኒካትን ክነጻጸር ከሎ፡ ናይ ኩሎም ዝሳተፉ ተሓከምቲ መንነት ከም ዘይፍለጥ ይግበርን ናይ ኩሎም ሓበሬታ ይተሓዋወስን እዩ። እዚ ነቲ ካብ መዝገብ ጽፍፈት InfCareHIV ዝግበር ምእካብ ሓበሬታ፡ ንውልቀ ሰባት ከተለልዮም ከም ዘይከኣል ይገብሮ።

### ሓበሬታኻ ብኸምዚ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል

ሓበሬታትካ፡ ጽፍፈት ክንክን ጥዕና ንምምዕባልን ንምርግጋጽን፡ ስታተስቲክ ንምድላውን ኣብ ውሽጢ ክንክን ጥዕና መጽናዕቲ ንምክያድን ጥራይ ክውዕል እዩ። እቶም ሓበሬታታት ድሕሪ ፍተሻ ምስጢርነት ምግባር ንተመሳሳሊ ዕላማ ንናይ ደገ ወገናት እውን ክካፈል ይኽእል እዩ። ከምዚ ዓይነት ምውሃብ ክግበር ከሎ እቲ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ናይ ሓሶት ሽም ይወሃቦ እዩ። እዚ ማለት እቲ ተቐባሊ ሓበሬታ መንነትካ ከለሊ ኣይክእልን እዩ። ብተወሳኺ ኩሉ መጽናዕትታት ቅድሚ ምጅማሩ ናይ ግድን ካብ ብዓል መዚ ግምገማ ስነ ምግባር (etikprövningsmyndigheten) ፍቓድ ክረክብ ኣለዎ።

### ሓላፍነት

እቲ ጠቕላላ ሓላፍነት ናይ InfCareHIV ዘለዎ ኣካል፡ Centralt Personuppgiftsansvarig-myndighet, CPUA (ማእከላይ ብዓል መዚ ተቖጻጻሪ ሓበሬታ) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ ካሮሊንስካ ጠቕላላ ሕጋዊ ሓላፍነት ናይቲ ውልቃዊ ሓበሬታታት ኣለዎ። ክፍሊ ክንክን ጥዕናኻ (ክሊኒክ ኤች ኣይ ቪ) ሓበሬታ ናይ ምእካብ ድሩት ሕጋዊ ሓላፍነት ኣለዎ። መራሓይ ኮሚቲ ናይ InfCareHIV ካብ Centralt Personuppgiftsansvarig-myndighet, CPUA (ማእከላይ ብዓል መዚ ተቖጻጻሪ ሓበሬታ) ብዝተዋህቦ ዕማማ ነቲ ተግባራዊ ስራሕ ዝኣሊ ኾይኑ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ InfCareHIV፡ infcarehiv.se ተላልዩ ኣሎ።

### ደገፍ ኣብ ሕጊ

ኩሎም ውልቃዊ ሓበሬታ ዝሕዙ ሰባት ኣብ ሕጋዊ መሰረት ክምርኮሱ ኣለዎም። ኣትሓሕዛ ናይ'ቲ ኣብ መዝገብ ጽፍፈት ዘሎ ውልቃዊ ሓበሬታ ብሕጊ ጸወን ሓበሬታ፡ GDPR (dataskyddsförordningen)፡ ከምኡ'ውን ምዕራፍ ሸውዓተ ሕጊ ሓበሬታ ተሓከምቲ (patientdatalagen PDL) እዩ ዝመሓደር። እቶም ሓበሬታታት ንሕብረተ ሰብን ክንክን ጥዕናን ኣገዳስቲ ስለ ዝኾኑ ኣብ መዝገብ ጽፍፈት ሓበሬታ ምምዝጋብ ፍቑድ እዩ። ነቲ ኣብ መዝገብ ጽፍፈት ዘሎ ውልቃዊ ሓበሬታታት ዝሕዝ ሰብ ሕጋዊ ግዴት ምዕቃብ ምስጢር ኣለዎ።

**ምስጢርነት**
እቶም ኣብ መዝገብ ጽፍፈት ዘለዉ ናትካ ሓበሬታታት በቲ ኣብ ሕጊ ግሉጽነትን ምዕቃብ ምስጢርን ዘሎ ምስጢርነት ኣብ ክንክን ጥዕና(hälso- och sjukvårdssekretessen i offentlighets- och sekretesslagen) ዝተሓለዉ እዮም። እዚ ማለት ከም ቀንዲ ሕጊ፡ ብዛዕባኻ ናይ ሓሶት ሽም ተዋሂብዎም (ተቐባሊ መንነት ከም ዘይፈልጥ ተገይሩ) ካብ መዝገብ ጽፍፈት ክወሃቡ ዝኽእሉ ሓበሬታታት፡ እቶም ሓበሬታታት ምስ ዝወሃቡ ንዓኻ ይኹን ንመቕርብካ ብምውጽኦም ከም ዘይትጉድኡ ንጹር ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ።

**ውሕስነት**
እቶም ኣብ መዝገብ ጽፍፈት ዘሎዉ ብዛዕባኻ ሓበሬታታት ፍቓድ ዘይብሉ ሰብ ከይረኽቦም ሕሉዋት እዮም። እቲ ስርሑ ንምፍጻም እቶም ሓበሬታታት ዘድልይዎ ሰብ ጥራይ እዩ ክረኽቦም ዝኽእል። ዝኾነ ፍቓድ ዘይብሉ ሰብ ነቶም ሓበሬታታት ተኻፊልዎም ከይከውን ነቲ ፋይል መን ከፊትዎ ከም ዝነበረ ክትትትል ብምግባር ይምርመር። ነቶም ሓበሬታታት ንምርካብ ናብቲ መዝገብ ምእታው ብውሑስ ኣገባብ እዩ ዝግበር።

**ናይ ምውካስ ኣኽእሎ**
እቲ ኣብ ክሊኒክ ኤች ኣይ ቪ ዝሰርሕ ነዞም ሓበሬታታት ኣብ መዝገብ ጽፍፈት ከእትዎም ፍቓድ ዘለዎ ሰብ፡ ነቶም ሓበሬታታት ክረኽቦም ይኽእል እዩ። ዝኾነ ካልእ ወሃብ ክንክን ነቶም ሓበሬታታት ክረኽቦም ኣይክእልን እዩ።
እቶም ኣብ ምምሕዳር መዝገብ ጽፍፈት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ኲሉ ኣብቲ መዝገብ ዘሎ ሓበሬታታት ክረኽብዎ ዝኽእሉ ኾይኖም፡ ሕጋዊ ግዴታ ምዕቃብ ምስጢር እውን ኣለዎም።

**መሰላትካ**
- ውልቃዊ ሓበሬታኻ ኣብ መዝገብ ጽፍፈት ከይምዝገብ ክትገብር መሰል ኣለካ።
- ኣብ ዝኾነ እዋን ነቲ ናትካ ሓበሬታ ካብ እቲ መዝገብ ከም ዝድምሰስ ክትገብር መሰል ኣለካ።
- ኣብ መዝገብ ጽፍፈት ብዛዕባኻ ሓበሬታ እንተሃልዩ ክትፈልጥን ምስ ዝህሉ ድማ ብነጻ ቅዳሕ ናቱ፡ ጽማቕ መዝገብ (registerutdrag) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክትወሃብ መሰል ኣለካ። ነቶም ሓበሬታታት ብኤለክትሮኒካዊ መልክዕ ክወሃበካ መሰል ኣለካ። ከምዚ ዓይነት ጽማቕ መዝገብ ንኽትወሃብ ምስ መዝገብ ጽፍፈት ብቐጥታ ርክብ ግበር።
- ብዛዕባኻ ብጌጋ ዝተመዝገበ ሓበሬታ ከም ዝእረም ክትገብር መሰል ኣለካ። ዘይተማልአ ሓበሬታ ክማላእ ክትገብር መሰል ኣለካ።
- እዚ ዝስዕብ ምስ ዘጋጥም መስርሕ ሓበሬታኻ ክድረት ክትሓትት መሰል ኣለካ:- 1) እቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ቅኑዕ ኣይኮነን ዝብል ርእይቶ ምስ ዝህልወካን፡ ሓላፍነት ዘለዎ ብዓል መዚ Centralt Personuppgiftsansvarig-myndighet, CPUA (ማእከላይ ብዓል መዚ ተቖጻጻሪ ሓበሬታ) ክሳብ ዝምርምሮን። 2) እቲ መስርሕ ሕጋዊ ኣይኮነን ዝብል ርእይቶ ምስ ዝህልወካን፡ ምድምሳስ ናይ'ቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ትቃወምን ኣብ ክንድኡ ኣብ ኣጠቓቕምኡ ገደብ ክግበር ትሓትት ምስ እትኸውንን። 3) ንመስርሕ ዕላማታት ሃገራዊ መዝገብ ጽፍፈት እቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ድሕሪ ደጊም ኣብ ዘይድልየሉ ኵነት፡ ንስኻ ግን ሕጋዊ ክሲ ንምምስራት፡ ንምርግጋጽ ወይ ንምቅዋም እቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ምስ ዘድልየካ።
- ምድራት ማለት መዝገብ ጽፍፈት ነቲ ብዛዕባኻ ዘሎ ሓበሬታ ብጀኻ ምዕቃቡ ምቕጻል ንላዕሊ ዝኾነ ነገር ክገብር ኣይፍቀድን ማለት እዩ።
- ኣየናይ ኣሃዱ ክንክንን ምዓስን ሓደ ሰብ ነቲ ናትካ ሓበሬታ ከም ዝርኣዮ ሓበሬታ ክትረክብ መሰል ኣለካ። እቲ ናብቲ ፋይል ዝኣተወ ጸብጻብ (logg-utdrag) ዝብሃል።
- እቲ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ንሕጊ ጸወን ሓበሬታ (dataskyddsförordningen) ወይ ሕጊ ሓበሬታ ተሓከምቲ (patientdatalagen) ብዝጥሕስ ኣገባብ ምስ ዝተሓዝ ካሕሳ ክወሃበካ መሰል ኣለካ።
- ናብ'ቲ ኣብዚ መዳይ ተቖጻጻሪ ብዓል መዚ ዝኾነ፡ ብዓል መዚ ምሕላው ብሕትና (Integritetsskyddsmyndighete) ጥርዓን ከተቕርብ መሰል ኣለካ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ infcarehiv.se ከምኡ'ውን ኣብ kunskapsstyrningvard.se ኣሎ።

**ርክብ**
ንተወሳኺ ሓበሬታ ምስ InfCareHIV ርክብ ክትገብር ምስ እትደሊ ነዞም ዝስዕቡ ናይ ርክብ ሓበሬታታት ተጠቀም:- ላዕለወይቲ ሓኪም ክሪስቲና ካርላንደር፡ christina.carlander@regionstockholm.se። ብዛዕባ ኣብ InfCareHIV ዘሎ ንዓኻ ዝምልከት ሓበሬታ ዘለኻ ሕቶታት ምስ ተሓላቒ ፍትሒ ሓበሬታ (Dataskyddsombud) እውን ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ተሓላቒ ፍትሒ ሓበሬታ (Dataskyddsombud) ንኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታ ዝምልከት ሕግታት ከም ዝኽበር ዝቆጻጸር እዩ። ተሓላቒ ፍትሒ ሓበሬታ፡ ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ ካሮሊንስካ፡ 171 76 ሶልና፡ ቍጽሪ ተሌፎን:- 08-517 700 00 (መተሓላለፊ), ኢ-መይል:- dataskyddsombud.karolinska@regionstockholm.se
(Dataskyddsombudet, Karolinska Universitetssjukhuset, 171 76 Solna, telefonnummer: 08-517 700 00 (växel), e-postadress: dataskyddsombud.karolinska@regionstockholm.se)
ነፍስ ወከፍ ሆስፒታል ወይ ዞባ ናታ ናይ ውልቂ ተሓላቒ ፍትሒ ሓበሬታ ኣለዋ።